ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት መስተ ማይን ፈሳሲን ከተማ ሸራሮ ንዝተፈላለዩ ስራሕ መሳለጢ ዝዉዕል መገጣጠሚ ፉቲንጋት :ሳይክላት : ናይ ኤሌክተሮኒክስ ኣቅሑት : ካዝናብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ጉንበት 5, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 16, 2016 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 16, 2016 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ቢሮ ፈርኒቸር/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 ናይ መገጣጠሚ ፉቲንጋት :ሳይክላት : ናይ ኤሌክተሮኒክስ ኣቅሑት : ካዝና ፍቃድ ዘለኩም

2 ናይ 2015 ዓም ግብሪ ዝከፈልኩም

3 ናይ 2016 ዓም ዝተሐደሰ ፈቃድ ንግዲ ክተቅርቡ እትክእሉ

4 ወረቀት ምስክር ተወሳኪ እሴት ታክስ ዘለኩምን ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2016 ዓም ሒሳብ ዘቅረብምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉ

5 መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ ዘለኩም

6 ናይ 2016 ዓም ዝተሐደሰ ወረቀት ምስክር መቅረባይነት ክተቅርቡ እትክእሉ

7 ኣብ ፖስታ ዝተዕሸግ ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ : ምስክር ወረቀት ምዝገባ ንናይ ከፋሊ ግበሪ መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ ብግልፂ ብዝርአ መልክዕ ክከዉን አለዎ

8 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ቅዳሕ ብምግባር ዋናን ቅደሕን ተባሂሉ ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስታ ተዓሺጉ ምልክት ብምግባር ክተቅርቡ አለኩም

9 ኣብ መንግስታዊ ጨረታ ኣብ ዝኮነ ይኩን ትካል ዝተአገደ ነጋዳይ ኣብዚ ጨረታ ክሳተፍ ኣይክእልን

10 ከይዲ ጨረታ ብዛኣግባብ ንምዝባዕ ምፈታን ብሕጊ ዝሐትትን ጨረታ ከይሳተፍ ክሳብ ምእጋድ ስጉምቲ ዘስዕብ ምካኑ ንሕብር

11 ተጫረቲ ዋጋ እንትመልኡ ናይ ሐደ ዋጋን ጠቅላላ ዋጋን አፈላለይ ክህልዉ የብሉን

12 ተጫረቲ ዘቅርብዎ ሰነድ ስርዝ ድልዝ ክህልዎ የብሉን

13 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መክበሪ ጨረታ ብጥረ ገንዘብ ወይ ድማ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ 5000 ቅርሺ ክተትሕዙ እትክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

14 ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ተጫረቲ ካብ 2/9/2016 ዓም ክሳብ 16/9/2016 ዓም ኣበ ዘሎ ግዜ ካብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት መስተ ማይን ፈሳስን ከተማ ሸራሮ ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን እናከድኩም ዘይምለስ 100 ቅርሺ እናከፈልኩም ሰነድ ጨረታ ምዉሳድ ትክእሉ ኢኩም

15 እቲ ጨረታ 16/9/2016 ዓም ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 4:30 ቅድሚ ቀትሪ ይክፈት

16 ሰዓራይ መቅረባይ ዝልጠፈሉ በመሰረት ዝርዝር መዓቀኒ ኮይኑ ዝተሐተ ዋጋ ዝመለአ መቅረባይ እዩ ዝክዉን

16 ንዝበለፀ ሐበሬታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት መስተ ማይን ፈሳስን ከተማ ሸራሮ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን 0914278106 / 0987270400

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle